# ፕሮግራም ኢንዱስትሪ

ዝተፈላለዩ ኣቑሑታት ተሓሊኖም ከመይ ከምዝሰርሑ’ዶ ክትፈልጥ ትድሊ?
ብዝተራቐቑ መሳርሒታት ኮምፒተር ክትሰርሕ’ዶ ትደሊ?
ምስ ካልኦት እንዳሰራሐካ ናትካ ፍሉይ ክእለት ክህልወካ’ዶ ትደሊ?
ኣብ ዓለም-ለኻዊ ጨንፈር’ዶ ክትሰርሕ ትድሊ?
ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ክትሰርሕ’ዶ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ብዛዕባ ኣብ እናሓደረ ዝቀያየር ጨንፈር ሞያ ስፍሕ ዝበለ ፍልጠት ትቐስም። ስራሓት ኢንዱስትሪ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ተቐያዩሮም’ኦም። ብቐጻሊ ድማ ሓደስቲ ማሽናትን ሓደስቲ ጥበባት መስርሕን ይቕልቀሉ። ኣብዚ ብዛዕባ ተክኒክ ኮምፒተርን ኢንፎርሜሽንን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣቕሓታትን መሳርሒታትን ትምህርቲ ትቐስም። ብተወሳኺ’ውን ብዛዕባ ሃልሃል ዘብሉ ሕቶታት ክባብን ዳግመ-ምህላኽን (ኦተርቪኒን) ትመሃር።

ጨንፈር ኢንዱስትሪ ዓለም-ለኻዊ’ዩ። ነዞም ኣብ መዳያት ኢንዱስትሪ ኪሰርሑ ዚደልዩ ፍልጠት ቋንቋን፡ ሌላን፡ ርድኢትን ኣብ ካልኦት ባህልታትን ጽቡቕ’ዩ። ፍልጠት ቋነቋ’ውን ጽቡቕ’ዩ። ምእንቲ’ዚ ኣብ ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ፍልጠት ቋንቋኻ ክትዕሙቖ ዕድል ኣሎካ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ኢንዱስትሪ እንተመሪጽካ፡ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። ሓደ ሓደ እዋን ከም ተልመደን ኮንካ ንሒደት ዓመታት ትሰርሕ። ናይ ተልመደን መሃያ እንዳተዋህበካ ድማ ምስ ኣብቲ ጨንፈር ዚሰርሑ ኮይንካ ካብኦም ትመሃር። እዚኣቶም ኣብቲ ጨንፈር ንነዊሕ እዋን ዚሰርሑን፡ ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎምን’ዮም።

ድላይ እንተሎካ፡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ’ውን ትምህርቲ ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ። ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ኣብ ኮለጅ ሞያ ወይ ከኣ ንዩኒቨርሲቲ ክትሓልፍ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ዝቕጽል ትምህርትኻ ብቑዕ ክትከውን ኣየኖት ኮርሳት ክትወስድ ከም ዝግብኣካ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ ሕተት።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ዛዚምካ ክትረኽቦም ትኽእል ስራሓት ከም ሲኤንሲ-ተክንሻን (በኮምፒተር ዝእለ ስራሕ ፋብሪካ) ግሎባዊ ተክኒሻን፡ መካኒክ፡ ሞዴል ተክንሻን፡ ሃናጺ ዲዛይን፡ ኣላይ መስርሕ (ፋብሪካ)፡ ኣልሓሚ፡ ክኢላ ዕንጨይቲ፡ ተክንሻን ኣለይመለይን፡ ተክንሻን እምንን ኣለዉ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ኢንዱስትሪ ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ኣብ ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት የለዉን። ነፍሲ-ወከፍ ቤ/ትምህርቲ ነተን ኣብ ጥቓኣ ዚርከባ ትካላት ኣብ ግምት ብምእታው ናታ ኣንፈታት ፕሮግራም ተውጽእ። ከም ኣብነት ዚጥቀሱ ኣንፈታት ከሚካዊ መስርሕ ኢንዱስትሪ፡ ኢንዱስትሪ መስርሕ ወረቐት፡ ኢንዱስትሪ ሜታል፡ ኢንዱስትሪ ዓለባ፡ ኢንዱስትሪ ዕንጨይቲ፡ ኢንዱስትሪ እምኒ ወይ ኢንዱስትሪ ቤት-ዕዮ ዝኣመሰሉ ይርከቡዎም።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ምናልባት እታ ንዓኻ ተገድስ ኣንፈት ፕሮግራም ኣብቲ ዘለኻዮ ቦታ ኣይትርከብን ትኸውን። ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ፡ እታ ንስኻ ትመርጻ ኣንፈት ኣብ (ሪክስኢንታግ) እትውቲ ምኳናን ዘይምኳናን ኣረጋግጽ። እትውቲ እንተኾይና ክትመርጻ ዕድል ኣሎካ ማልት'ዩ።

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ኢንዱስትሪ እንትተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤትትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓ ገዛውትኻ ዝርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ።.....

ብኡ ኣቢልካ ድማ ምስ ዝተፈላለያ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት ሌላ ትገብር። እዚ ርክብን ሌላን ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገበሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ አሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ምስዘን ዚሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ኣወዳዲርካ፡ ኣብዚ እዋንና ዚኣክል ስራሕ ኢንዱስትሪ ኣይርከብን። ምኽንያቱ ድማ ሎሚ መብዛሕትኡ ኢንዱስትሪያዊ ስራሓት ብኮምፒተራትን ማሽናትን ኢዩ ዚዕመም ዘሎ። ኮይኑ ተሪፉ ግን፡ ነዘን ማሽናት ዚኣልዩ ስልጠና ዘለዎምን ዘመናዊ ኢነዱስትሪ እንታይ ከም ዘድልዮን ዚፈልጡ ከድልዩ'ዮም። ፕሮገራም ኢንዱስትሪ ተማሂርካ ምስ ወዳእካ ብቐሊሉ ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን ምፍላጥ አጸጋሚ'ዩ። ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላትካ በቲ ትመርጾ ኣንፈት ፕሮግራምን ትምህርቲ ወዲእካ ምስተመረቕካ ዘሎ ኩነታት ጨንፈር ኢንዱስትሪን ኢዩ ዚውሰን።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image